ቤት ፅሕፈት ማይ ግልጋሎት ከተማ ነበለት ዝተፈላለዩ ዘገልገሉ ወይድማ ዝአረጉ ጋልቫናይዝድ ጂ ዋን ትቦታት ብጨረታ አወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መስከረም 22, 2018 ( ቅድሚ 5 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥቅምቲ 3, 2018 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50000
ቦታ:ነበለት
ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ ጥቅምቲ 3, 2018 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

1 ግብሪ 2017 ዓም ዝከፈለን ናይ 2018 ዓም ንግዲ ፍቃድ ዝሐደሰን

2 ናይ ግበሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ዘለዎን ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ሰርተፊኬት ከቅርብ ዝክእልን

3 ቫት ተመዝጋቢ ዝኮነን ናይ ወርሒ ነሐሰ 2017 ዓም ዲክለሪ ዝገበረሉ ከቅርብ ዝክእል

4 ተጫረቲ ንጨረታ መከበሪ ዝከዉን ብጥረ ገንዘብ ይኩን ኣብ እዋኑ ዝተረጋገፀ ሰርቲፋይድ ቼክ 50000 ከትሕዝ ዝክእል

5 ሰነድ ጨረታ ብር 500 ብምክፋል ኣብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 5 ከብ ዕለት 22/1/2018 ዓም ክሳብ 3/2/2018 ዓም ሰዓት 330 ምዉሳድ ዝክእል

6 ሰዓራይ ጨረታን ንብዝሰዓሮ ንብረት ምስ ተገለፀሉ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ ተከታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ናይቲ ዝሰዓሮ ንብረት 15 ሚእታዊ ዉዕሊ መከበሪ ብምትሓዝ ዉዕል ክኣስር አለዎ ድሕሪ ዉዕሊ ምእሳሩን ክፍሊት ምፍፃሙን እቲ ንበረት ኣብ ዉሽጢ 10 ተከታታልቲ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ካበቲ ቦታ ኣልዒሉ ክወስድ አለዎ

8 ኣብ እዋን ጨረታ ነቲ ጨረታ ዘዛበዓ ከዛብዕ ዝፈተነን ካብቲ ጨረታ ይስረዝ ብተወሳኪ እዉን ብሕጊ ተሓታቲ ይከዉን

9 ተጫራቲ ኣብ መወዳደሪ ቅጥዒ ናይ ሕድሕድ ነፀላ ዋጋ ጠቅላላ ዋጋን ብዝግባእ ብምምላእ ደጋፊ መረዳእታ ምስ ዋና ብምግንዛብ ፋይናንሻል ዋጋ መወዳደሪ ዋናን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ፖስታ ብዝግባእ ተዓሺጉ ኣብ ሕድሕድ ፖስታ ድማ ናይ ተጫራቲ ስም ፊርማን ማህተምን ዓሪፍዎ ዋናን ኮፒን ተባሂሉ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣበ ቤት ፅሕፈት ማይ ግልጋሎት ከተማ ነበለት ቢሮ ቁፅሪ 3 ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ 3/2/2018 ዓም ሰዓት 3:30 ከእትዉ አለዎም

10 እዚ ጨረታ 3/2/2018 ዓም ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ብዘይምርካቦም ጨረታ ካብ ምክፋት ኣይተኣጎጎልን

11 እቲ ንብረት በዝሑ መጠንኑ ንዉሓት ሚትሮን ክዉስክ ወይ ክቅንስ ዝክእል ምካኑ

12 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0923456209 0911897585

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle